# ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ

## ብግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ
## ዝሕተም

ቅጺ 1/1991 ቍ. 2

| ዕለት | ወርሒ | ዓ.ም. | ዋጋ |
| --- | --- | --- | --- |
| 20 | ሕዳር | 1991 | 5 ብር |

ክርክር ዝምልከት ውሳኔ ብናይ ቦታ ስልጣን ዘለዎ ወረዳ ቤ/ፍርዲ ይፍጸም ።

(8) ብኽፍሊ ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳይን ወይ ብኻልእ ሽም ግልና ዝተዋህበ ንናይ ሓባራዊ ናይ ስራሕ ክርክር ዝምልከት ውሳኔ ብናይ ቦታ ስልጣን ዘለዎ አውራጃ ቤ/ፍርዲ ይፍጸም ።

3. አብ ግብሪ ዝውዕለሉ

እዚ አዋጅ'ዚ ካብ ሕዳር 6፣ 1991 ዓ.ም. ጀሚሩ አብ ግብሪ ይውዕል ።

ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ

---

# ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 1/1991

## አቃወማን አካይዳን ዘይመንግስታዊ አብያተ - ትምህርቲ ንምውሳንን ንምክትታልን ዝወጸ ሕጋጋት ፣

1. ዘውጽእ በዓል መዚ

ክፍሊ ትምህርቲ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ሕጋጋት'ዚ አውጺኡ አሎ ።

2. ሓጺር አርእስቲ

እዚ ሕጋጋት'ዚ "አቃውማን አካይዳን ዘይመንግስታዊ አብ ያተ - ትምህርቲ ንምውሳንን ንምክትታልን ዝወጸ ሕጋጋት ቍጽሪ 1/1991 ዓ.ም." ተባሂሉ ይጥቀስ ።

3. ትርጉም

(1) "ክፍሊ ትምህርቲ"፣ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ትምህ

ርታዊ ፖሊሲ ተኸቲሉ ፡ ንኹሉ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘገልግል ስርዓተ - ትምህርቲ ዘዳሉን ፡ በዚ ስርዓተ - ትምህርቲ'ዚ ኣብ መላእ ኤርትራ ትምህርቲ ንምስፍሕፋሕ ዝዓይን ዝቈጻጸርን ኣካል ናይ መንግስቲ ኢዩ ።

(2) " ዘይመንግስታዊ ቤት ትምህርቲ " ፡ ብመንግስቲ ዘይ ኮነስ ብማሕበር ወይ ውልቀ - ሰብ ኣካዳሚያዊ ትምርቲ ዘካይድ ቤት ትምህርቲ ኢዩ ። እቲ ትምህርቲ መዋእለ - ህጻናት ፡ መባእታ ፡ ማእከላይ ደረጃ ፡ ካልኣይ ደረጃ ፡ ሞያዊ ትምህርቲ ፡ ትምህርቲ ንዓበይቲ ክኸውን ይኽእል ።

(3) " ወላዲ " ፡ ኣብ ዘይመንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ውላድ ዘለዎ ሰብ ወይ ዋሕስ ወይ ድማ ተጸዋዒ ናይ'ቲ ኣብ ዘይመንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ዝመሃር ተመሃራይ ኢዩ ።

(4) " ኮሚቴ ትምህርቲ " ፡- ንጉዳያት ትምህርቲ ዝከታተል ኣካል ኢዩ ።

## 4. ተፈጻምነት ናይ'ዚ ሕጋጋት'ዚ

እዚ ሕጋጋት'ዚ ተፈጻምነቱ ኣብ ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ኮይኑ ፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ግን ተፈጻምነት ኣይህልዎን ፡-

(1) ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ጥራይ ኣብ ዘካይዳ ሃይማኖታዊ ትካላት ፡

(2) ንወጻእተኛታት ተመሃሮ ኣብ ዝቐማ ናይ ኮሚኒቲ ኣብያተ - ትምህርቲ ፡

## 5. ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ዝኽተልኦ ስርዓተ - ትምህርቲ

(1) ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ዘካይድኦ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ብመሰረት ስርዓተ - ትምህርቲ መንግስቲ ኤርትራ ይኸውን ።

(2) ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ፡ ክፍሊ ትምህርቲ ብዛዕባ ስርዓተ ትምህርትን ኣተገባብርኡን ዘውጽኦ መደባትን መምርሒታትን ተኸቲለን ይዓያ ።

(3) ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ፡ ነቲ ብክ/ትምህርቲ ዝዳሎ ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃታት ዘገልግል መጻሕፍቲ ፡ ገዚአን ይጥቀማ ።

(4) ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ክትህብ እትደሊ ዘይመንግስታዊ

ቤት ትምህርቲ ክትህብ ይፍቀደላ ።

(5) እቲ ዝወሃብ ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ግን ዝካየደሉ ቅጥ ዕን እዋንን ንምይይጥ ዝግደፍ ኮይኑ ከም መሕለፍን መትረፍን ዘይውሰድ ይኸውን ።

(6) ናይ መንግስቲ ኤርትራ ስርዓተ - ትምህርቲ ተኸቲለን ዝዓያ ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ኣብቲ ዝር ከባሉ ኣውራጃ ጸብጻብ ስርሐን ንሓላፊ ኣብያተ - ትም ህርቲ ኣውራጃ ኣብ ሰሰለስተ ወርሒ የቕርባ ።

## 6. ምኽፋት ዘይመንግስታዊ ቤት - ትምህርቲ

(1) ዘይመንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ክኽፍት ዝደሊ ማሕበር ወይ ውልቀ - ሰብ ኣቐዲሙ ካብ ክ/ትምህርቲ ፍቓድ ክረክብ ይግባእ ።

(2) ፍቓድ ክዋሃቦ ኣብ ዝሓትሉ ግዜ ኣመልካቲ ምልክታ ብጽሑፍ ናብ ክ/ትምህርቲ የቕርብ ። (ብኣመልካቲ ዝምላእ፡ ፎርም ቊጽሪ 1 ከም ኣካል ናይ'ዚ ሕጋጋት'ዚ ተተሓሒዙ ይርከብ) ።

(3) እቲ ቤት ትምህርቲ ንኽሰርሕ ኣብ ዝፍቀደሉ ግዜ፡ ብሓላፊ ክ/ትምህርቲ፡ ሓላፊ ኣብያተ - ትምህርቲ ኣው ራጃ፡ ኣመልካቲ ይፍረም፡ (እቲ ዝምላእ ፎርም ቊጽሪ 2 ከም ኣካል ናይ'ዚ ሕጋጋት'ዚ ተተሓሒዙ ይርከብ) ።

## 7. ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ፡ ደሞዝ መምህራን፡ ንዋት ቤት ትምህርቲ

(1) ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ፡ ደሞዝ መምህራን፡ ምቕራብ ንዋት ቤት ትምህርቲ ሓላፍነት ዘይመንግስታዊ ኣብ ያተ - ትምህርቲ ይኸውን ።

(2) ኣብ ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ንመማህራንን ሓለፍቲ ኣብያተ - ትምህርቲን ዝኸፈል ደሞዝ በቲ ኣብ መንጎኦም ዝግበር ውዕል ይውሰን ።

(3) ኣብ ሓደ ዘይመንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ተመሳሳሊ ክእለት ወይ ናይ ስራሕ ተሞክሮ ንዘለዎም መማህራን ዝኽፈል ናይ መበገሲ ደሞዝ ፍልልይ ኣይህልዎን ።

(4) ብነጻ ትምህርታዊ ኣገልግሎት ዘይትህብ ዘይመንግስታዊ ቤት ትምህርቲ፡ ንተማሃሮ እተኽፍሎም ክፍሊት ብክ/ ትምህርቲ ምስ ጸደቐ ጥራይ ኣብ ግብሪ ይውዕል ።

(5) ኣብ ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ኣብ ዝግበር ኣቀባብላ ተመሃሮ፡ ዝኾነ ይኹን ምፍልላይ ኣይፍቀድን ።

## 8. ኣቈጻጽራ መማህራንን ሓለፍቲ ኣብያተ - ትምህርትን ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ

(1) ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ መማህራንን ሓለፍቲ ኣብያተ - ትምህርትን ኣብ ዝቖጽራሉ ግዜ ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ሰራሕተኛታት ዝጠልቦ ቅጥዕታት ክማልኣ ይግባእ።

(2) ዝኾነ ዝግበር ውዕል ብጽሑፍ ክኸውን ይግባእ ።

(3) ዘይመንግስታዊ ቤት ትምህርቲ :-

ሀ- ዕድሜኡ 18 ዓመት ዝይመልአ :

ለ- መሰሉ ብፍርዲ ዝተገፈ :

ሐ- ተመሓላላፊ ሕማም ዘለዎ :

መ- ናይ ኣእምሮ ሕማም ወይ ምምህርናዊ ስራሕ ንም ክያድ ዘየኽእል ኣካላዊ ምስንካል ዘለዎ ሰብ ከም መምህር ወይ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ክቆጽር ኣይፍቀደሉን ።

## 9. መማህራንን ሓለፍቲ ኣብያተ - ትምህርትን ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ

(1) ኣብ ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ዝሰርሑ መማ ህራንን ሓለፍቲ ኣብያተ ትምህርትን፡ ነቲ ዝተመደበ ደረጃ ዘረጋግጽ ብቕዓትን ነቲ ክ/ትምህርቲ ዘውጽኦ መምዘኒታትን ( Criteria ) ዘማልኡ ክኾኑ ይግባእ ።

(2) ታሪኽ ሂወቶምን ምስክር ወረቐቶምን ቀሪቡ ነቲ ክ/ትም ህርቲ ዝጠልቦ መምዘኒታት ዘማልአ ኮይኑ ምስ ተረኸበ ጥራይ ኢዩ ኸኣ ክሰርሑ ዝፍቀደሎም ። ( ከም ኣካል ናይ'ዚ ሕጋጋት'ዚ ተተሓሒዙ ንዝርከብ ፎርም ቍጽሪ 3 ተመልከት )

(3) ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝረኸቦ እቲ ቤት ትምህርቲ ንዝተ ፈቐደሎም ሰባት ብመርመራ መምዩ ክቈጽር ይኽእል ።

## 10. ወጻእተኛታት ክቈጽራ ዝደልያ ዘይመንግስታዊ ኣብያተ-ትምህርቲ

(1) ዘይመንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ወጻእተኛታት መማ

ህራን ንምቝጻር ኣብ ዝደልያሉ ግዜ ናይ ቅጥዒን ካልእ ሕጋዊ ጠለባትን መንግስቲ ኤርትራ ከማልኣ ኣለወን ።

(2) ነቶም ወጻእተኛታት ንምቍጻር ስለምንታይ ከምዝደልያ እውን ጠለበን ናብ ክ/ትምህርቲ የቕርባ፡ (ብኣመልካቲ ነቶም ወጻእተኛታት መማህራን ንምቍጻር ዝምልከት ፎርም ቍጽሪ 4 ከም ኣካል ናይ'ዚ ሕጋጋት'ዚ ተተሓሒዙ ይርከብ)።

(3) ናይ ቅጥዒን ካልእ ሕጋዊ ጠለባትን መንግስቲ ኤርትራ ዘማልኡን ብክ/ትምህርቲ ኣብ ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ከም መማህራን ንኽሰርሑ ዝተፈቕደሎምን ወጻእተኛታት ናይ መንግስቲ ኤርትራ ሕግታትን ስርዓታትን ኣኽቢሮም ክሰርሑ ግዴታ ኣለዎም ። ንሕግታትን ስርዓታትን መንግስቲ ኤርትራ ዝጻረር ተግባራት ንዝፍጽሙ ኣድላይ ሕጋዊ ስጉምቲ ይውሰደሎም ።

## 11. መሰል መማህራንን ሓለፍቲ ኣብያተ - ትምህርትን ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ

መሰል ናይቶም ኣብ ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ዝሰርሑ መማህራንን ሓለፍቲ ኣብያተ ትምህርትን፡ ብመሰረት መሰጋገሪ ሕግታት መንግስቲ ኤርትራ ዝተሓለወ ይኸውን ።

## 12. ኮሚተ ትምህርቲ ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ

(1) ነፍሲ - ወከፍ ዘይመንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ናይ ትምህርቲ ኮሚተ ይህልዎ ።

(2) ኣባላት ናይ'ታ ኮሚተ እዞም ዝስዕቡ ይኾኑ ፦

ሀ- ሓላፊ ቤት ትምህርቲ፡

ለ- ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝምረጽ ሓደ ካብ መማህራን ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ፡

ሐ- እቲ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ምስ ዝኸውን ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝምረጽ ሓደ ካብ ተመሃሮ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ፡

መ- ካብ ወለዲ ተመሃሮ፡ ብዝሕን ኣመራርጻን ብኣኼባ ወለዲ ይውሰን ።

(3) ውሽጣዊ ኣቃውማን ኣሰራርሓን ናይ'ታ ኮሚተ፡ እታ ኮሚተ ምስ ቆመት ባዕላ ብውሽጣዊ ሕጋጋት ተውጽእ ።

13. ስርሓት ናይ'ታ ኮሚተ

(1) እቲ ቤት ትምህርቲ እሩም ጠባይን ስነ - ምግባርን ዝሰፈኖ ንኽኸውን ንሓላፊ ቤት ትምህርቲ ተማኺርን ትሕግዞን ።
(2) ብዛዕባ ጠባያት ተመሃሮ፣ ሽግራት ቤት ትምህርትን መፍትሒኡን ካልእ ንቤት ትምህርቲ ዝምልከት ጉዳያትን ንምምይያጥ ምስ ወለዲ ተመሃሮ ርክባትን ኣኼባታትን ትገብር ።

14. ሓላፍነት ክ/ትምህርቲ

(1) ክ/ትምህርቲ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ትምህርታዊ ፖ.ሊ.ሲ. ተኸቲሉ፣ ኣብ መላእ ኤርትራ ዘገልግል ስርዓተ - ትምህርቲ የዳሉ ።
(2) ክ/ትምህርቲ ብዛዕባ ስርዓተ - ትምህርቲ ዘውጽኦ መደባትን መምርሒታትን ንዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ይዝርግሕን ትግባረኡ ይከታተልን ይቆጻጸርን ።
(3) ክ/ትምህርቲ ግብራውነት ናይ'ዚ ሕጋጋት'ዚ ይቆጻጸር ።
(4) ኣብ ዘይመንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝምህሩ መማህራንን ሓለፍቲ ኣብያተ - ትምህርትን ልክዕ ከምቶም ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ዝምህሩ መማህራንን ሓለፍቲ ኣብያተ - ትምህርትን ክእለቶምን ደረጃኦምን ንምምሕያሽ ዝወሃብ ኮርስ ከምዝሳተፉ ይገብር ።
(5) ክ/ትምህርቲ ኮርስ ኣብ ዝህበሉ ግን ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ንናይ መማህራንን ሓለፍቲ ኣብያተ - ትምህርትን ወጻኢ ባዕሎን ይኽእላ ።
(6) ክ/ትምህርቲ፣ ካሪክለም ንምምሕያሽ ኣብ ዝገብሮ ጻዕሪ፣ ኣብ ዘይመንግስታዊ ኣብያተ - ትምህርቲ ዝሰርሑ መማህራንን ሓለፍቲ ኣብያተ - ትምህርትን ተሳታፍነት ክምዝህልወን ይገብር ።

15. ናይ ምዕጻው ስጉምቲን መቕጻዕትን

ዝኾነ ነዚ ሕጋጋት'ዚ ጢሒሱ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ዝህብ ዘይመንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ዝኸፍተ ወይ ዘካይድ ሰብ፣ ዝኸፈቶ ወይ ዘካይዶ ቤት ትምህርቲ ብኽፍሊ ትምህርቲ ክምዝዕጾ ክግበር ኣብ ልዕሊ ምኽኣሉ ክሳብ ክልተ ዓመት ብዝበጽሕ ማእሰርቲ ወይ ክሳብ ብር20,000 ብዝበጽሕ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ወይ ብኽልቲኡ ይቕጻዕ ።

16. ሕጋጋት ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ

እዚ ሕጋጋት'ዚ ካብ ሕዳር 1፣1991 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

ክፍሊ ትምህርቲ
ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ

---

ፎርም ቍጽሪ 1.

## ብኣመልካቲ ዝምላእ ፎርም

1. ስም ኣመልካቲ ...........................
2. ኣ ድ ራ ሻ ...........................
3. ኣመልካቲ ኣብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዘለዎ ሓላፍነት ...........................
4. ስም ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ...........................
5. ኣድራሻ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ...........................
6. ብዝሒ ተቐማጢ (ግምታዊ) ...........................
7. ዓይነት ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ...........................
8. ደረጃ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ...........................
   1. መዋእለ - ህጻናት
   2. መባእታ
   3. ማእከላይ
   4. ካልኣይ ደረጃ
   5. ትምህርቲ ንዓበይቲ
9. ስፍሓት ናይ'ቲ ቦታ ብትርብዒት ሜትር ...........................
10. ዓይነት ናይ'ቲ ህንጻ ወይ ፕላን ናይ'ቲ ህንጻ "Project"
    ...........................
    ...........................

11. ብዝሒ መምሃሪ ክፍልታት ( ናይ ቀለም ወይ ሞያ )

..........................................................................................

12. ቤት ጽሕፈት ..........................................................................

13. መዕረፊ መማህራን ( Staff ) ........................................................

14. እቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ሞያ እንተኾይኑ ዓይነቱ ፡-

1. ተግባረ እድ ( Technical School )
2. ሕርሻ ( Agriculture )
3. ንግድ ( Commerce )
4.

15. ብዝሒ ተመሃሮ ..........................................................................

16. ብዝሒ ፡ አስማት ፡ ደረጃ ትምህርቲ መማህራን

1. ብዝሒ ........................................................
2. አስማት ........................................................

ኤርትራውያን ...................... ወጻእተኛታት ......................

3. ደረጃ ትምህርቶም ( Qualification )

17. ብዝሒ ፡ አስማት ፡ ደረጃ ትምህርቲ አመሓደርቲ

1. ብዝሒ ........................................................
2. አስማት ........................................................

ኤርትራውያን ...................... ወጻእተኛታት ......................

3. ደረጃ ትምህርቶም ( Qualification )

18. ብዝሒ ፡ ዓይነት አስማት ካልኦት ሰራሕተኛታት ......................

19. ዓይነትን ብዝሕን መሳርሒ ትምህርቲ ( ንኣብነት ናይ ላቦራቶሪ መሳርሒ ፡ ናይ ሞያዊ ትምህርትን ካልእን ... ዓይነቶምን ብዝሒምን ተዘርዚሮም ይቕረቡ ። )

..........................................................................................

..........................................................................................

20. ባጀት ( ዓመታዊ ) ነቲ ቤት ትምህርቲ ንምቛም ወይ ንምክያድ ዝተመደበ ገንዘብን ንብረትን ፡-

1. ብገንዘብ ( Cash ) ......................................................

ሀ- ደሞዝ መማህራንን ካልኣት ሰራሕተኛታትን ........................................................

ለ- መካየዲ ስራሕ ........................................................

2. ብንብረት ፦

ሀ- ዝንቀሳቐስ ንብረት ........................................................(............)

ለ- ዘይንቀሳቐስ ንብረት ........................................................(............)

21. ምንጪ ናይ'ዚ ባጀት'ዚ ካበይ'ዩ ........................................................

22. ክፍሊት ተመሃራይ ክህሉ ድዩ፡ ኣብ ነፍስወከፍ ክፍሊ'ሽ ክን ደይ ይኸውን፡ ........................................................

........................................................

23. ዋንነት ናይ'ቲ ቤት ትምህርትን ንብረትን

1. ዋና ........................................................
2. ክራይ ........................................................
3. ክራይ ምስ ዝኸውን ኣብ ወርሒ ክንደይ ይኸፈል።

........................................................

24. ካልእ ኽቐርብ ዝድለ ሕቶታት ........................................................

........................................................

ፈርማ ኣመልካቲ ........................................................

ዕለት ........................................................

እዚ ፍርም'ዚ ብሰለስተ ቅድሓት ተመሊኡ

1. ንማ.ቤ.ጽ. ክፍሊ ትምህርቲን
2. ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ኣውራጃ ቤት ጽሕፈትን ይወሃብ። እቲ ሳልሳይ ከኣ ኣብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ይተሓዝ።

<u>ፎርም ቍጽሪ 2.</u>

<u>ናይ ብሕቲ ቤት ትምህርቲ ንምቛም ዝወሃብ ፍቓድ</u>

ክ/ትምህርቲ፡ ኣመልካቲ ብዘቕረቦ ጠለብ፡ እቲ ቦታ ትምህርቲ ንምክያድ ምቹእ ምዃኑን ኣመልካቲ'ውን ነቲ ትምህርቲ ንምክያድ ብቕዓት ከምዘለዎን ድሕሪ ምርግጋጽ ኣብ ኣውራጃ........................ ........................ ዝተባህለ ቦታ፡ ........................

ብዝብል ስም፡ ደረጅኡ ካብ .............................ክሳብ .........................
ዝኾነ ቤት ትምህርቲ፡ ትምህርቲ ንኽካይድ ተፈቒድሉ ኣሎ።

እዚ ፍቓድ'ዚ ግን ክ/ትምህርቲ እንተዘይኣፍቂዱ፡-

1. እቲ ፍቓድ ንኻልእ ምትሕልላፍ ኣይፍቀድን
2. እቲ ቤት ትምህርቲ ናብ ካልእ ከባቢ ምቕያር ኣይከኣልን
3. እቲ ፍቓድ ዝጸንዕ፡ እቲ ዝተፈቕደሉ ማሕበር ወይ ሰብ፡ ስርዓተ - ትምህርቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣኽቢሩ (ተኸቲሉ) ክሳብ ዝሰርሕ ጥራይ ኢዩ።

ሓላፊ ክ/ትምህርቲ ሓላፊ ኣ/ትምህርቲ ኣውራጃ

.................................... ....................................

ኣመልካቲ .............................................................

ፎርም ቍጽሪ 3.

## ታሪኽ ሂወት ናይ ዘይመንግስታዊ ቤት ትምህርቲ መምህር

1. ምሉእ ስም .............................................................
2. ስም ኣደ .............................................................
3. ኣድራሻ .............................................................
4. ዕድመ ...............................
5. ዝፈልጦ ቋንቋታት .............................................................
6. ዝተወለደሉ ቦታ .............................................................
7. ደረጃ ትምህርቲ .............................................................
8. ዝተማሃረሉ ቤት ትምህርቲ፡-

| ደረጃ | ቤት ትምህርቲ | ቦታ | ምስክር ወረቐት |
|---|---|---|---|
| መባእታ | | | |
| ማእከላይ | | | |
| 2ይ ደረጃ | | | |
| ምስልጣን መማህራን | | | |
| ኮሌጅ | | | |
| ካልእ | | | |

9. ቅድሚ ሕጂ ዝሰርሓሉ ቤት ትምህርቲ ወይ ካልእ ቦታ

| ስም ቤት ትምህርቲ ወይ ካልእ | ካብ ........... ክሳብ ዓ.ም. | ኣድራሻ | ደሞዝ | ምስክር ወረቐት |
|---|---|---|---|---|
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |

10. ክሰርሓሉ ዝድለ ዘሎ ቤት ትምህርቲ ..................................
11. ኣድራሻ ( ቦታ ) ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ..................................
12. ዓይነት ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ..................................
13. ዝምህሮ ዓይነት ትምህርቲ ..................................
14. ዝምህሮ ክፍልታት ..................................
15. ወርሓዊ ደሞዝ ..................................
16. ኣብ መምህርነት ንኽገልግል ዝድልየሉ ምኽንያት..................................
..................................
..................................

..............................................................................................................................
..............................................................................................................................
..............................................................................................................................
..............................................................................................................................

ኣነ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ኩሉ ሓቂ ምዃኑ ብፌርማይ የረጋግጽ ።

ስም ..................................................................
ፌርማ ..................................................................
ዕለት ..................................................................

ኣነ .................................................................. ናይ ቤት ትምህርቲ .............................................. ሓላፊ ወይ ኣካያዲ .............................................. ዝተባህለ ሰብ ኣብ .............................................. ንኽምህር ክፍቀደሉ

ኣመልክት ፡

ስም ፡ ..................................................................
ፌርማ ..................................................................
ዕለት ..................................................................

እዚ ፎርም'ዚ ብ3 ቅዳሓት ተመሊኡ ክልተ ቕዳሕ ንማ.ቤ.ጽ. ክ/ትምህርትን ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ኣውራጃ ቤት ጽሕፈትን ይወሃብ ። እቲ ሳልሳይ ቅዳሕ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ይተሓዝ ።

ፎርም ቍጽሪ 4.

## ብኣመልካቲ ዝምላእ ፎርም

1. ስም ኣመልካቲ ..................................................................
2. ስም ቤት ትምህርቲ ..................................................................
3. ቦታ ........................ ስራሕ .................. ኣውራጃ..................
4. ዓይነት ስራሕ ..................................................................
5. ምሉእ ሓበሬታ ናይ'ቲ ዝጥለብ ሰብ ..................................................................
..................................................................

6. አመልካቲ ነቲ ዝጥለብ ሰብ ንምቅጻር ዝደለየሉ ምኽንያት

ስም ...............................................................
ፊርማ ..........................................................
ዕለት ...........................................................

# ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 2/1991

## ዝምድና መንግስቲ ኣብያተ - ትምህርትን ወለድን ንምውሳንን ንምክትታልን ዝወጸ ሕጋጋት

1. ዘውጽአ በዓል መዚ

ክፍሊ ትምህርቲ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ሕጋጋት'ዚ ኣውጺኡ ኣሎ ።

2. ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ሕጋጋት'ዚ " ኣብ መንጎ ኣብያተ - ትምህርትን ወለድን ንዝምስረቱ ዝምድናታት ንምውሳንን ንምክትታልን ዝወጸ ሕጋጋት ቁጽሪ 2 / 1991 ዓ.ም." ተባሂሉ ይጥቀስ ።

ቀዳማይ ክፋል ፡ ሓፈሻዊ

3. ትርጉም

(1) " ኣብያተ - ትምህርቲ " ነተን ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርትን ናይ ዓበይቲ ትምህርትን ዝህባ ብመንግስቲ ዝካየዳ ኣብያተ - ትምህርቲ ይምልከት ።

(2) " ናይ መንግስቲ ኣብያተ - ትምህርቲ " ብመንግስቲ ዝካየዳ ናይ ህጻናት ፡ መባእታ ፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃታትን ፡ ትምህርቲ ንዓበይቲን የጠቓልል ።

(3) " ክ/ትምህርቲ " ናይ መንግስቲ ኤርትራ ትምህርታዊ ፖሊሲ ተኸቲሉ ፡ ንኹሉ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘገልግል ስርዓተ - ትምህርቲ ዘጻሉን ፡ በዚ ስርዓተ ትምህርቲ'ዚ